`

**ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ**

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# ደምዳሚ መግለጺ፣
# 5ይ-ስሩዕ ኣኼባ ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት፣
# ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)።

5ይ ስሩዕ ኣኼባ ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ካብ ዕለት 09 ክሳብ 13 ሓምለ 2011 ተሰላሲሉ።

*ፖ/ቤ/ጽሕፈት ሰደግኤ፡ ኣብ'ዚ ንሓሙሽተ መዓልታት ዘካየዶ ዕዉት ኣኼባ፡ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ህዝብታትናን፣ ኩነታት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፣ ኩነታት ሓይሊ ተቓውሞ፣ ዕዉት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምስልሳል፡ ብሃገራዊ ኮምሽን ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታትን ተራ ፖሎቲካዊ ሓይልታትን ከምኡ'ውን ኩነታት ውድብና ብሰፍሓትን ብዕምቆትን ገምጊሙ።*

*ፖ/ቤ/ጽሕፈት፡- ኩነታት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣመልኪቱ ኣብ ዘካየዶ ዕቱብ ገምጋም፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ብሰንኪ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ከውርዶ ዝጸንሐ መዘና ኣልቦ ግፍዕታት፡ ምረት ህዝብታትና ሰማይ ዓሪጉ፡ መኣስ ከምዝነቱግ ዘይፍለጥ ዝተጻወደ ፈንጂ ኮይኑሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ዝተወልዐ ሰፊሕ ናዕብታት ህዝብታት ሰሜን ኣፍሪቃን ማ/ምብራቕን ጽልውኡ ናብ ሃገርና ልሒሙ ከይልክሞ ብምስጋእ፡ ዕድመ ስልጣኑ ዘናውሓሉ ስልትታት ክምህዝን፡ ኣትኩሮት ህዝብታትና ናብ ደገ ንምጥምዛዝ ዝተለመደ ከንቱ ሸርሕታት ይኽተል ምህላዉ ገምጊሙ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ትማሊ ትማሊ፡ "ጠሚና መንግስቲ ሓደ ነገር ይግበር" ኢሎም ንዝሓተቱ ህዝብታትና፡ "እዚ ሕንቃቕ እዩ" ብምባል ከቆናጽቦምን፡ ኣብ ልዕሊ ጥሜቶምን ድኽነቶምን ክላግጽ ከምዘይጸንሐ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ተገልቢጡ፡ ኣብ ውሽጢ'ዘን 20 ዓመታት፡ ካብ ትልምና 10% ኣይዓመምናን፤ ህዝብና ጻማ ቃልሱ ኣይረኸበን…ወዘተ እናበለ ክሽሕጥን፡ ናይ ሎሚ ጸገምና ነባሪ ፍታሕ ክረክብ እዩ እናበለ ክለማመጽን ዝረኣየሉ ኩነታት ምህላዉ ተመልኪቱ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ብሰንኪ ትምክሕተኛን ጸረ ሰላምን ባህሪኡ፡ ብታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊኡ ዝተበየነ ማዕቀብ ብምቁንጻብ፡ ብመንገዲ ህልኽን ቅርሕንትን ብምጉዓዝ፡ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናይ ምሕማስ ኣጀንድኡ ብምቕጻሉ፡ ኣቐዲሙ ዝተበየነ ማዕቀብ ንምትግባርን ተወሳኺ ስጉምታት ናይ ምውሳድ ተርእዮታት እናጎልሁ ኣብ ዝኸድሉ እዋን፡ ንኤርትራውያን ወገናት፡ ኣንጻር ውሳኔ ማዕቀብ ብዝተፈላለየ መልክዓት ተቓውሞኹም ኣስምዑ እናበለ ዓቕሊ ጽበታዊ ወፈራታት ተታሓሒዙዎ ምህላዉ ተገንዚቡ።*

*ፖ/ቤ/ጽሕፈት፡ ነዚ ኩነታት'ዚ ብዕምቆት ድሕሪ ምግምጋም፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ብሰንኪ'ቲ ን20 ዓመታት ዝቐጸለ ኣረሜናውን ፋሽስታውን ስርዓተ ምሕደርኡ፡ ዝነሃረ ምረትን ቃንዛን ህዝብታትና፡ ክፍንጀር ዝድርኽ ዉዕዉዕ ከባብያዊ ኩነታት ምስ ተቐልቐለ፡ ካብ ውድቀት ንምድሓን ዝኽተሎ ዘሎ ስልትታት፡ "ዝብኢ ክሳብ ዝደሉ ይሕንክስ" ዝዓይነቱ ጥበብ ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ንህዝብታትና ዘምጽኣሎም መሰረታዊ ለውጢ ብዘይምህላዉ፡ ነዚ ስርዓት'ዚ መሊእካ ንምቅባጽ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ዲሞክራስያዊ ተጋድሎ ተሳትፎኦም ከሐይሉ ጸዊዑ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብሰንኪ ጸረ ሰላምን ትምክሕታውን ባህርያቱ፡ ኣደብ ንኽገዝእ ኣብ ልዕሊኡ ዝተበየነ ማዕቀብ፡ ህዝብታትና ተቓውሞኦም ከስምዑ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብዘይ እንታዮም ክውዕሉ ዝዕድም፡ ኣብ ጸረ ረብሓኦም ዝኾነ ዓውዲ ክስዕስዑ ዝድርኽ ብምዃኑ፡ ባይቶ ጸጥታ፡ ውሳኔኡ ብህጹጽ ከተግብር ክጽዉዕን፡ ዕድመ ስልጣን ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ ኣብ ምሕጻር ከውዕሉዎ ብትብዓት ክቃለሱ መጸዋዕትኡ ኣመሓላሊፉ።*

*ፖ/ቤ/ጽሕፈት ኣብ ኣኼብኡ ብዓብይኡ ዝዳህሰሶ ጉዳይ እንተሃለወ፡ ህሉው ኩነታት ሓይልታት ተቓውሞ እዩ። ሓይሊ ተቓውሞ ሃገርና ካብ ሕሉፍ ፍሽለታቱ ግቡእ ትምህርቲ ረኺቡ፡ ዕድመ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ምሕጻር ተፈጢሩ ዘሎ ጥጡሕ ፖሎቲካዊ ኩነታት ጸንፊፉ ክጥቀመሉ፡ ምስ ተቓላሳይ ህዝብታትና ዝጸንሐን ዘሎን ጋግ ንምድፋን፡ ውሽጣዊ ሕጽረታቱ ብድፍረት ክፍትሽ ከምዝግበኦ ኣመልኪቱ።*

*ፖ/ቤ/ጽሕፈት ውድብና፡- ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብዘመሓላለፎ ታሪኻዊ ውሳኔ መሰረት፡ ሃገራዊ ኮምሽን ዕዉት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክጋብእ፡ ዘካይዶ ዘሎ ቅድመ ምድላውን በጺሑዎ ዘሎ ደረጃን ተሳትፎ*

ውድብናን ብዕምቆት ገምጊሙ። ሃገራዊ ኮምሽን ዕዉት ሃገራዊ ጉባኤ ንምስልሳል ዘብቅዕ ጽፉፍ ቅድመ ምድላው ኣብ ምኽያድ ዘርእዮ ዘሎ ጻዕሪ ዘተባብዕ ኮይኑ፡ ንቑሕን ሰፊሕን ተሳትፎ ህዝብታትና ኣብ ምርግጋጽ፡ ገና ከቢድ ስራሕ ከምዝጽበዮ ኣቕሚጡ። ዕዉት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ምግባእ ዝከኣል፡ ወሳኒ ተሳትፎ ናይ'ቶም ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝኾኑ ህዝብታትና ብምርግጋጽ ምኻኑ ብምምልካት፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ፖለቲካዊ ሓይልታት ብሓፈሻ፡ ኣባላት ውድባት ኤዲኪ ድማ ብፍላይ፡ ኪንዮ ውድባዊ ሒሳባት፡ ኣብ ንጥፈታት ሃገራዊ ኮምሽን ኣወንታዊ ተርኦም ከበርክቱ ኣዘኻኺሩ። ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ ጽፉፍ ቅድመ ምድላው ተመስሪቱ ክካየድ፡ መሰረታት ኣባላት ፖለቲካዊ ውድባት ዘካይዱዎ ዘለዉ ዘይሕለል ጻዕሪ ዘመስገነ ፖ/ቤ/ጽሕፈት፡ ተሳትፎ ህዝብና ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ብኣባላት ፖለቲካዊ ውድባት ከይዕብለል ዘሎ ስግኣት ቱኽረት ክገብሩሉን፡ ሰፊሕን ንቑሕን ተሳትፎ ህዝብታትና ንምትብባዕ ኣበርቲዖም ክዓዩ ኣተሓሳሲቡ። ኣብ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ሃገራዊ ኮምሽን፡ ተሳትፎ ህዝብታትና ዓብላሊ ብጽሒት ክህልዎ ዝተመሓላለፈ ታሪኻዊ ውሳኔ ዝዳፋኡ፡ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ዓብላሊ ድምጺ ንምርካብ ዝሓለነ፡ ንኣሉታዊ ተሞኩሮ ውክልና ሃገራዊ ዋዕላ ዝደግም ተርእዮታት ንምውጋድ፡ ፈጻሚ ኣካል ኮምሽን ቱኽረት ሂቡ ግቡእ ምክትታል ክገብረሉ ኣዘኻኺሩ። ዕዉት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝረጋገጽ፡ ድምጺ ህዝብታትና ብዘይ ተጫራቲ፡ ግብራዊ ዝኾነሉ ጻዕርታት ክነሰላስል እንተበቒዕና ጥራሕ ምኻኑ ዘለዎ እምነት ኣስሚሩሉ። ደሞክራስያዊ ተጋድሎና፡ ብዘይ ናይ ህዝብታትና ሰፊሕን ንቑሕን ተሳትፎ ብሓፈሻ፡ ናይ መንእሰያት፣ ደቂ ኣንስትዮን ሙሁራትን ድማ ብፍላይ፡ ፍሒት ከምዘይብል ብምእማን፡ ተሳትፎኦም ንምዕዛዝ ከካይዶ ዝጸንሐ ቃልሲ ኣጠናኺሩ ክቕጽለሉ ወሲኑ። ናይ'ዞም ክፉላት ሕብረተሰብና ተሳትፎ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ኣማራጺ ዘይብሉ ብምኻኑ፡ ዓብይ ኣትኩሮት ክወሃቦ ኣዘኻኺሩ። ውድብና ሰደግኤ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብንቑሕን ሰፊሕን ተሳትፎ ህዝብታትና ንምዕዋት ኣብ ዝካየድ ቃልሲ፡ ዝለዓለ ጻዕሪ ከምዝካይድ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ፖ/ቤ/ጽሕፈት፡- ጉዕዞ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ካብ ጽባሕ ሓድነታዊ ጉባኤኡ ክሳብ ሎሚ፡ ከመይ መጺኡ ኣብ ዝፈተሸ ኣገዳሲ ኣጀንዳኡ፡ ብሓደ ወገን፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምድላው ምስ ኩሎም ሕጽረታቱ፡ ዘበርከቶ ኣወንታዊ ተራ ክብሪ ዝሃቦ ኮይኑ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ኤዲኪ በብእዋኑ ብውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላው እናተበልዐ፡ ማ/መሪሕነቱ ብጉባኤ ንዝጸደቐ ቅዋም ዘለዎ ተማእዛዝነት እናብኮረ፡ ውሽጣዊ ፍልልያቱ ንምትህድዳእ ቅዋም ምጥሓስ ከም መርሆ እናተኸተለ፡ ኣብ ዘተሓሳስብ ኩነታት ወሪዱ ምህላዉ ተገንዚቡ። ኤዲኪ ብሰንኪ ጸቢብ ውድባውን ጉጅላውን ሒሳባት ማ/መሪሕነቱ፡ ሕቶ ኣባልነት ሓደስቲ ውድባት፡ ብመሰረት ውድባዊ ቅዋሙ ምትእንጋድ ተጸጊሙ፡ ከም ሰፊሕ ጽላል ተቓውሞ ንመላእ ህዝብታት ኤርትራ ዘንጸባርቕ ብዙሕነት ክህልዎ ዘኽእሎ ዕድላት እናሓሸሸ፡ ኣግላልን ጸረ-ደሞክራስያውን ኣሰራርሓታት ዓብላሊ ቦታ ዝሓዘሉ ኩነታት ምህላዉ ገምጊሙ። ኣብ ሃገርና ቅዋም ኣልቦ ንዝኾነ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ፡ መተካእታ ክኸውን እቃለስ ኣሎኹ ዝብል ጽላል፡ ንውድባዊ ቅዋሙ እናጠሓሰ ምኻድ፡ ከም ባህሊ እናተሰበሎ ይቕጽል ምህላዉ፡ ኣብ ከቢድ ትዕዝብቲ ዘውድቖ ምኻኑ ክግንዘብን ውሽጣዊ ሕመቓቱ ኣብ ምልላይ ክተብዕን ጸዊዑ። ውድብና ብመሰረት ኣብ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሽማግለኡ ዘመሓላለፎ ፖለቲካዊ ውሳኔ፡ ኣብ ተባራዕቲ ሕቶታት ህዝብታትና ዝተመስረቱ፡ ሓባራውን መባእታውን ዕላማታት፡ ሓቢርካ ንምስራሕ ዘብቅዕ ግብራዊ ስልታዊ ምሕዝነት ክወሓስ ዝጀመሮ ጻዕሪ ኣበርቲዑ ክቕጽለሉ ምኻኑ ኣስሚሩሉ ሓሊፉ።

ፖ/ቤ/ጽሕፈት ሰደግኤ፡- ዘላቒ ረብሓታት ህዝብታትና ብዘተኣማምን ንምርግጋጽ፡ ምጥርናፍን ሓድነትን ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሓይልታት፡ ኣማራጺ ዘይብሉ ፍታሕ ምኻኑ ብምእማን፡ ከም ወትሩ ንተግባራውነቱ ብዘይምሕላል ክጽዕት ምኻኑ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ፖ/ቤ/ጽሕፈት ንውሽጣዊ ኩነታት ውድብናን፡ ዝሓንጸጽናዮም መደባትን ኣብ ምፍጻም ዝነበረ ኩነታት ኣብ ዝድህስስ ኣጀንድኡ፡ ብሰፍሓትን ብዕምቆትን ዘትዩ። ውሽጣዊ ደሞክራስያዊ ሂወት ውድብና ዘጎልብት፡ ንዝሓንጸጽናዮም መደባት ኣብ ምፍጻም ዝነበሩና ሕጽረታት ዝእርም በሊሕ ነቐፌታዊ ገምጋም ኣካይዱ። ውድብና፡ መለለይኡ ዝኾኑ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ባህርያት፡ ብበሊሕን ሃናጽን ነቐፌታዊ ገምጋማት እናጻፈፈን እናጠናኸረን፡ ዲሞክራስያውነቱ እናጎልበተ ዝኸደሉ ውሽጣዊ ውድባዊ ሂወት ከጠናኽር ኣበርቲዑ ክጽዕት ወሲኑ። ኣብ መደመደምታ፡ ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ብምትሕልላፍን፡ ናይ ሰለስተ ወርሓት መደባት ብምሕንጻጽን ኣኼብኡ ብዓወት ዛዚሙ።

**ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ፡**
13 ሓምለ 2011.